# ስርዓት ኣስመራ ቀጻሊ ማእሰርተን መቕጻዕትን የካይድ ኣሎ
# እቲ ሓድሽ ግን፡ ንዘልቀሰ ውን ክቐጽዕ ምጃምሩ ኢዩ

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
29.06.2006

ስርዓት ኢሳያስ፡ ናይ'ቶም ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ናብ ኣውሮጳ እናሰገሩ እንከለዉ፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝጣሓሉ ኤርትራውያን ሓዘን ተባሂሉ ብቤተ-ሰቦም ዝግበር መልቀስ፡ 50,000 ናቕፋ ዘቕጽዕ ሓድሽ ሕጊ ከምዘውጽአ፡ ካብ ኣስመራ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ነቲ መርድእ ዘብጽሒ ዜጋታት ውን ምስኡ ዝመጣጠን መቕጻዕቲ ተወሲኑ ከምዘሎ ምንጭታትና ይሕብሩ። እዚ መቕጻዕሪ'ዚ፡ ተወሳኺ ናይ'ቲ ቅድም ክብል ኣብ ልዕሊ ደቆም ዝሃደሙ ወለዲ ዝግበር ዝነበረ መቕጻዕቲ ኢዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ካብ እተኣስራ ኣዴታት ሓንቲ ከምዝሞተት ውን ካብ ምጽዋዕ ዝመጸና ሓበሬታት ኣረጋጊጹ።

ስርዓት ኣስመራ፡ ካብ ክራማት ናይ 2004 ዓ.ም ኣትሒዙ፡ ንቤተ-ሰብ ናይቶም ሃዲሞም ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝዕቘቡ ዘለዉ መንእሰያት 50,000 ናቕፋ ክቐጽዕን፤ ነዚ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዘይብሎም ድማ ክኣስርን ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ቅድም ክብል ገንዘብ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ስለዘይብሎም ተኣሲሮም ካብ ዝነበሩ ወለዲ፡ ሓደ ብዕድመ ዝደፍኡ ኣቦ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ምጟቶም፡ እቲ ዝተወሰነሎም መቕጻዕቲ ከይተኸፍለ ሬሳኦም ንቤተ-ሰቦም ከይውሃብ ስርዓት ኣስመራ ከልኪሉ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ።

እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ሃገሮም ገዲፎም ናብ ስደት ዘምርሕሉ ምኽንያት፡ ነቲ ካብ ትምህርቶምን ካብ ስራሖምን ዘጐናድቦም መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ስለዘይድግፍዎ ኢዩ።